# ንናይ ጀኔቭ ዳንኬራ ህግደፍ ፍሹል ንቹጽሮ፡ ንመብርሂ በርጌሳዊ ማሕበር ስዊስ ከኣ «ዓገብ» ንብሎ

ካብ
ኣባላት ደንበ ተቓውሞ ኣብ ስዊስ

ኣቐዲምና፡ ንዅሎም ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዝርከቡ ኣባላት ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ጀነቭ ብ22.02.2010 እተገብረ «ዳንኬራ ህግደፍ» ንምዅዓም ብዅሉ መንገዲ ብዝገበርዎ ኣበርክቶ ኣገናዕ ንብሎም። እቲ ስርዓትን መጋበርያታቱን «ዓሰርተታት ኣሽሓት ካብ ኤውሮጳ ብግዲ ይኹን ብውዲ ኣኪብና፡ ንደንበ ተቓውሞ ክንድህሎም ኢና፤ ንዓለም ከኣ መንግስትና ደጋፊ ህዝቢ ከም ዘሎዎ ከነርኢ ኢና» ኢሎም ዘበገስዎ ፓለቲካዊ ቲያትር ብብዙሕ መዐቀኒታት ፈሺሉ ኢዩ።

ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ከተማ ጀኔቭ ካብ 14 ሃገራት ኤውሮጳ ዝመጸ ሰልፈኛ፡ ከምቲ እተወርየሉ ብዝሒ ይኹን ሞራል ኣይነበሮን። ንኣብነት ንብዝሒ ሰልፈኛ ብዝምልከት፡ ኣባላት ፓሊስ ጀነቭ ንለቶ (Le Temps) ዝብሃል ጋዜጣ ብግምት 3,000 ነይሮም ክብሉ ከለዉ፡ ንካልእ ጋዜጣ (Tribune de Geneve) ከኣ ልዕሊ 5,000 ነይሮም ይኾኑ ክብሉ ገሊጾም። እዚ ግምታት'ዚ ግን ኣዝዩ እተጋነነ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጌጋ ኢዩ። ካብ 1,500 ንታሕቲ ሰብ ዝነበሮ፡ ምስቲ መደባት ህግደፍ ክርኤ እንከሎ ኣዝዩ ፍሹል ክብሃል ዝከኣል ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ዝረኸብካዮ ሰልፈኛ «እንታይ ክንገብር ኢልኩምና፡ ተገዲድና እንዳኣልና» ዝብላ ቃላት'ዩ ዘስምዓካ ዝነበረ። ካብ ፍርቂ ኣዝዩ ንላዕሊ ዝኾነ ሰልፈኛ፡ ኣብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ሰላማዊ ሰልፍን ጭርሖታቱን ዘይኣምን ምንባሩ ምስክር ዘየድልዮ ሓቂ ኢዩ።

ነቲ ፍሽለት ዝያዳ ፍሽለት ዝገበሮ'ውን፡ ድሕሪ'ቲ ኩሉ ጸቕጥን ምዅብዕባዓትን ህግደፋውያን፡ ኣብ ሃገር ስዊዘርላንድ/ስዊስ ዝርከብ ኤርትራዊ፡ ኣውራ ከኣ እቲ መንእሰይን ሓዲሽ ስደተኛን፡ ኣብቲ ዳንኬራ ህግደፍ ክውዕል ፍቓደኛ ዘይምንባሩ ኢዩ። ዘገርም'ዩ፡ ካብቲ ልዕሊ 6,000 ዝኸውን ኣብ ስዊስ ዝርከብ ኤርትራዊ መንእሰይ ስደተኛ፡ ኣብቲ ሰልፊ ወላ ብኣጻብዕ ኣእዳው ዝቝጸር'ውን ኣይተራእየን!! ብሓጺሩ ህግደፍን ናይ ራዕዲ መጋበርያታቱን ኣብ ስዊስን ኣብ ካልእ ሃገራት ኤሮጳን ፈሺሎም ንብል።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ግን ነቲ ብ23 ለካቲት ኣብ መርበብ ቶጎርባ ብማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንዲሞክራስን ኣብ ስዊስ ዝወጸ «ኣገዳሲ መብርሂ» ምርኣይና ከም ዘስደመመና ክንገልጽ ንፈቱ። ብርግጽ ድሕሪ'ቲ ካብ ኣባላት ተቓውሞ ሆላንድ ዝወጸ ዝርዝር ኣስማት ተሓባበርቲ ህግደፋውያን፡ ኣብ ከተማታት ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ተቓወምቲ ህግደፍ (ኣውራ ኣብ ውድባት ዘይተሰርዑ መንእሰይ) ኣብ ሃገር ስዊስ ንዘሎዉ ናይ ራዕዲ መልእኽተኛታት ህግደፍ እውን ነጋልጾም ብምባል ምንቅስቓስ ጀሚሮም። እቲ ብዕለት 18.02.2010 ዝወጸ «ዝርዝር ኣስማት ተሓባበርቲ ራዕድን እከይ ተግባራትን ህግደፍ ኣብ ስዊዘርላንድ» ዝኣርእስቱ ጽሑፍ ከኣ ኣካል ናይቲ ጸረ-ዳንኬራታት ህግደፍ ዝዓለመ ህዝባዊ ተቓውሞ ኢዩ። ቅድሚ'ዚ ዝጽሑፍ'ዚ'ውን በቲ እተጠቕሰ ኣብ ስዊስ ዝርከብ በርጌሳዊ ማሕበር ይኹን ብኻልእ ሸነኻት ኣብ መንግስታዊ ትካላት ስዊስን ኣኣብ ህዝብን እተዘርግሐ ደብዳቤታትን ጽሑፋትን ነይሩ ኢዩ። ንኣብነት ብኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስዊስ ብዕለት 04.02.2010 እተጻሕፈት «ካብ ዳንኬራታት ህግደፍ ርሓቑ፤ ኣንጻር ዓመጻዊ ተግባራቱ ተላዓሉ» ዝብል መልእኽቲ ናብ ብዙሓት ኣብ ስዊስ ዝርከቡ መንእሰይ ከም ዝበጽሐ ተገይሩ። በቲ እተኻየደ እኩብ ድምር ቃልስታት ደንበ ተቓውሞ ከኣ'ዩ እቲ ዳንኬራ ህግደፍ ኣብ ጀኔቭ ክኾድም እተኻእለ።

ሕጂ ዓገብ ዘብለና ዘሎ ከኣ እቲ ብበርጌሳዊ ማሕበር ስዊስ እተመሓላለፈ መግለጺ ኢዩ። እቲ ጽሑፍ በርጌሳዊ ማሕበር ስዊስ ከምዚ ዝስዕብ ቃላት ተጠቒሙ፡- «.... ነቲ ብኣባላት ተቓውሞ በሃልቲ ዝወጸ ጽሑፍ ከም እንኹኑኖን ከምዘይንድግፎን፡ ኣካል ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ከም ዘይምኻዋና ክንሕብር ንፈቱ። ምኽኒያቱ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይሞራላዊ ኣገባብ፡ ማኪያቨላዊ (Machiavelli) መትከል ብሱሩ ምስ ስርዓት ህግዲፍ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክቡንቆስ ስለ እንደልዮ፡ እቶም ኣብ ደንበ ተቓውሞ፡ ውድቀት ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ቀረቡ እዩ'ሞ መተካእታ ክንከውን ንኽእል ኢና ኢሎም

ሃርጎምጎም ዝብሉ፡ ከምዚ ዘይሞራላዊ ኣገባብ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ዳግም ክተኽሉልና ዝደልዩ እንተ ሃሊዮም ሽሕ ግዜ ንኽሓስቡ ነማሕጽኖም »።

ብሓቂ ዘሕፍርን ዘስደምምን ጽሑፍ !! ነቶም ክጋለጹ ዝግብኦም መጋበርያታት ህግደፍ፡ ኣይነጋልጽ ዝብል መልእኽቲ ድዩ ክመሓላለፍ ተደልዩ ወይስ ምስጢሩ ካልእ ኢዩ ?? ብሓቂ ብሓቂ ብኹሉ ተቓላሳይ ዓገብ ክብሃል ዝግብኦ ቃላት ኢዩ ንብል። እቲ ጽሑፍ በርጌሳዊ ማሕበር ከም ዝጠቐሶ፡ እቶም ነቲ ናይ 18.02.10 ዝርዝር ኣስማት መጋገርያታት ህግደፍ ዝጸሓፉ ሽነካት ከም ተቓወምቲ « ብሃልቲ » ተገሊጾም ኣሎዉ። እዞም በሃልቲ ዝብሃሉ ዘሎዉ ግን ሓያለይ ኣብ ውድባት ዘይተጸንበሩ ድኣ ይኹኑ እንበር፡ ተቓወምቲ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ መንእሰይን፡ ኣብ ሓያለይ ከተማታት ስዊስ ዝርከቡ ኣብላት ሰልፊ ዲሞራሲ ህዝቢ ኤርትራን ምኻኖም ንጸሓፍቲ « ኣገዳሲ መግለጺ » ኣጸቢቑ ብሩህ ምኻኑ እንፈልጦ ሓቂ ኢዩ።

ነቶም መጋበርያታት ህግደፍ ናብ ቃልዕ ምውጻእከ ከመይ ኢሉ « ዘይሞራላዊ ኣገባብ » ይኸውን ? ስለምንታይከ ዝኾኑነን ? እቲ ጽሓፋይ « ኣገዳሲ መግለጽ » በርገሳዊ ማሕበር ስዊስ ዝኾነ ባእታ ወይ ባእታታት ኣንጻር መን ዘቐንዐ ቅርሕንትን ጽልኣን ከም ዘንጸባርቑ ንኣንባቢ ብሩህ ኢዩ። መልሲ ዝግብኦ ቃላትን ኣረኣእያን'ውን ኣይኮነን። ዘገርም ግን፡ እቲ ናይ ኩነኔ ቃላት ናይቲ መግለጺ፡ ነቶም ብዓሚቑ ቕርሕንታዊ ገለጻ ክጥቀሱ እተደልዩ ሽነኻት ሓሊፉ፡ ነቶም ንመጋበርታት ህግደፍ ኣዓርዮም ዘጋለጹ ኣብ ሃገረ ሆላንድን ሽወዴንን ካልእ ከባቢታትን ዝርከቡ ኣባላት ደንበ ተቓውሞን ኣባላት በርጌሳዊ ማሕበራትን እውን ዝኹንን ምኻኑ ኢዩ።

ደጊምና ዓገብ ንብል። ጽሓፋይ/ጽሓፍቲ « ኣገዳዊ መግለጺ » ስዊስ ከኣ፡ ካብቲ ንደንበ ተቓውሞ ድሕሪት መሊሱዎ ዝርከብ ስምዒታት ቅርሕንትን፡ ኣብ ቦትኡ ዘይተቐመጠ ፍርሕን፡ ዘይለባም ናይ ምንፍፋት ጠባይን ወጺኦም፡ ኣወንታዊ ኣረኣእያ ከጥርዩን ሃናጺ ግደ ካብ ምጽዋት ከይዕንቀፉን ንመኽሮም።

ኣባላት ሰዲህኤ ዝርከብዎም
ተቓወምቲ ስርዓት ህግደፍን መጋበርያታቱን ኣብ ስዊስ።
24.02.2010